# ኣቦ ሓርነት...   ኣቦይ ሓጂ ሙሳ




ኣዉሊዔይ... ኣዉሊዔይ...   ኣዉሊዔያ

ኣብ ኣኽሪያ..... ሰዉራ ሓርነት ተባሪዓ

ኣዉሊዔይ... ኣዉሊዔይ...   ኣዉሊዔያ

ኣብ ኣስመራ.......   ሽግ ሓርነት በሪሃ

***

ኣያ ሙሳ ዶ ክብለካ..... ኣቦይ ሙሳ

ሸኽ መቶ ዶ ክብለካ.... . ሓደ መቶ

ከሉ ኣስማትካ'ዩ... ከሉ የጥዕመልካ

ምጥርካኸ ዘይትፈልጥ ተባዕ ጀግና ኢኻ

****

ጀግና እንተበልኩኻ. . . እወ. .. .ጀግና ኢኻ

ተባዕ እንተበልኩኻ. .. . እወ.. . .ተባዕ ኢኻ

ኣንበሳ ኤርትሪያ.. . . . . . ሸጥ ዝበለ መዓንጣ

ኣንጭዋ ሳሕል ኣንፈጥፈጠት ምስ ሰምዐት ደምጽኻ

*****

ካብ 60 ዓመታት ንላዕሊ.. ተቓሊስካ እንዲኻ

ደኺም እንከይበልካ..... እንከይተሓለልካ

ኣቦ ሓርነት ፍትሒ..... ኣብሪህካያ ጨፌ

ካብ ቤት ትምህርቲ ኣዲያኢ ሰውራ እዊጅካያ

******

ኣደ ወሊዳ ትምክም... ኣይክንዲ ሽሕ እንዲኻ

ሽባብ ኣርሪቢጣ... ካብ ኣርባዓታት ጀሚርካ

ቀጺልካዮ ቃልሲ..... ምስ ማሕበር 7 ሓራካ

ምስ ፈዳአይኑ ጆብሀ....ምእንቲ ናጽነት ሃገርካ

***

እንታይ ዘይፈተንካ..... እንታይ ዘይገበርካ

ተወፋይነት ሓቦ.... ጽኑዕ ዘይስበር ማፈስካ

እምቢ ንምሕሊ.. መቐለይ ኣይተንከፍ ዝበልካ

ከኑዕ'የ በኣኻ ከዘንቱ...ንዘልኣለም ታሪኽካ

****

ኣንበሳ ወረቐት..... ለሕለሕ ሓሰኽ ስርዓት

ሸበደበድ ኣቲይዎ.. ድብልቕልቕ ምስ ፍርሃት

ሰዓቱ ኣኸሊ'ዩ.. ... ጭፍራ ፍሽለት መዓት

ሓብርና ንደርዕሞ..ንደፊኖ ብዘይ ክብሪ ስርዓት

*****

ኣቦ ትሪ ጽንዓት... . ፍትሒ ሕየግን ትብዓት

በዳህካዮ ምሕሊ.....መቓን ፍሹል ስርዓት

ጭፍራ ህግደፍ ቦኽቢኺ. .ጽረ ሕዚ ልምዓት

ዓገብ ንበል..ይኣክልንመቕራ ሽግር ጥፍኣት

******

ህዝበይ ተላዓሊ… ተወደብ ተዓጠቅ ነቒሕካ

ዓቢ ምስ ንአሽተይ…ዓላማታትካ ኣነጸርካ

እምቢ ንምልኪ እወ ንፍትሒ በሊ.. ሓብርካ

ንምልካዊ ስርዓት በርቓቑ… ግዜ ከይወሰድካ

***

ይኣክል ጥርዓን ዘረባን…ንወደብ ንመቕተ ሓደ ከኽና

ሰዓት ፍትሒ ኣኸሊ'ዩ. …. ህዝበይ ተላዓለ ኣጆና

ዓወትና ናይ ግድን እዩ…ሽሕ እኳ እንተነውሓ ቃልስና

ኣይ ደቂ ከበረ እንዲና.. ደቂ ዓዋተ..ደቂ ሓጂ መቓ

****

ብስራት… ብስራት… ንኹሉ ኤርትራዊ

ሜዝበል ሓርነት ተላዕለ….. ዘይጠሉ ዓጋቲ

ሓብርና ንቃለስ….. መዓእሰይ ምስ ዓበይቲ

ሓርነት.. ፍትሒ። ክነልብስ ልዑላዊት ዓዲ

ዓምር (ኣቡ መዞሞዱ)

12/01/2018